# ጋዜጣዊ ሓበሬታ

## ሓባራዊ ኣኼባ ሰልፊ ዲሞክራስን ተሓኤ ሰ.ባ.ን ኣብ ስዊስ

ኒውሻተል ዕለት 07.06.2008

ኣብ ስዊስ ዝርከቡ ናይ ጨንፈር ስርዒታውያን ሓለፍቲ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤሪተራን ተሓኤ ሰ.ባ.ን ወግዓውን ቦኽርን ሓባራዊ ኣኼባ ኣብ ኒውሻተል ኣካይዶም።

እዚ ኣኼባ'ዚ ካብ ዝተፈላለየ ቦታት ስዊስ ዝመጹ መራሕቲ ጨንፈራት ክልቲኡ ዝተኻፈልዎ እዩ ኔሩ።

ዕላማ ናይዚ ኣኼባዚ ድማ ነቲ ሰ.ዲ.ን ሰ.ባ.ን ናይ ሓባር ስምምዓት ዘካየድኦ ብጥርኑፍ ንምብራህን፡ ነቲ ብኣዋሃዲት ሽማግለ ዝቐረበ ናይ ስራሕ መደባት ናብ ተግባር ንምውዓል፡ ክውሰዱ ዘለዎም ስጉምትታት ንምውህሃድን፡ ሕድሕዳዊ ሌላ ናይ ጨንፈር ንምፍጣርን ዝዓለመ ነበረ።

ኣኼባ ናይ ምርድዳእን ምውህሃድን መንፈስ ዝዓሰሎ ኮይኑ፡ መጻኢ መደባቱ ምስ ሓንጸጸ፡ መደባቱ ኣብ ተግባር እተውዕል ክልተ ዝኣባላታ ኣወሃሃዲት ሽማግለ መረጸ።

ኣኼበኛታት ንተጌሩ ዘሎ ቅዱስ ርኽክብ ብሓባር ክሳብ መወዳእታ ንኸብጽሕዎ ዘለዎም ድልየትን ቅሩብነት ምስ ገለጹ ኣኼባ ብዝኽረ ሰማእታት ተደምደመ።

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንስዉኣትና!!!

ዓወት ንቓልሲ ህዝቢ ኤሪትራ!!!

ሓባራዊት ሽማግለ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤሪተራን ተ.ሓ.ኤ. ሰ.ባ.ን